PROTECTING IMMIGRANT FAMILIES

Seattle Office of Immigrant and Refugee Affairs

# መንግስታዊ ደገፍ፥ እዚ ንዓይ ይምልከተኒ ድዩ፧

ዝተሓደሰሉ ዕለት 2/2020።

## ንኣኻን ንስድራቤትካን እቲ ቅኑዕ ምርጫ ምረጽ



መንግስታዊ ደገፍ ንኹሎም ስደተኛታት ዝምልከት ኣይኮነን። ነፍስ ወከፍ ስድራቤት ዝተፈልየ እዩ፡ እቶም ንስድራቤትካ ዝሕግዙ ፕሮግራማት ከኣ ኣካል ናይ ሓደስቲ ለውጥታት ኣብቲ ፖሊሲ ዘይክኾኑ ይኽእሉ። ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ብዙሓት ሰባትን ውድባትን ኣለዉ። ኣብዚ ጉዳይ’ዚ ኣፍልጦ ዘለዎ ናይ ኤሚግረሽን ጠበቓ ኣብ ፍሉይ ኩነታትካ ብምምርኳስ ምኽሪ ክህበካ ይኽእል። ከባብያዊ ንመኽሰብ ዘይሰርሑ ትካላት እውን ሓገዝን ናይ ሕጊ ምኽርን ክህቡኻ ይኽእሉ።

Tigrinya

## መንግስታዊ ደገፍ እንታይ እዩ፧

ገሊኦም ንምርካብ ናይ ግሪን ካርድ (ሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ዘመልክቱ ሰባት) ወይ ናብ ሕቡራት መንግስታት ንምእታዉ ዘድሊ ቪዛ ንምርካብ ዘመልክቱ ሰባት ናይ “መንግስታዊ ደገፍ” መርመራ ክሓልፉ ኣለዎም - ንሱ ሓደ ሰብ ኣብ መጻኢ ውሱናት መንግስታዊ ኣገልግሎታት ናይ ምጥቃም ተኽእሎ ኣለዎ’ዶ የብሉን ዝርኢ እዩ። ነዚ ውሳነ’ዚ ኣብ ምውሳን፡ ናይ ኤሚግረሽን ሰበ ስልጣን ንኹሎም ናይ ሓደ ሰብ ኩነታት ይግምግሙ፡ እዚ ከኣ ንዕድሚኡ፡ ኣታዊኡ፡ ጥዕንኡ፡ ትምህርቱ ወይ ክእለቱ (ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ክእለት ዘጠቓልል)፡ ከምኡ ድማ ናይ መዋሊኡ ናይ ደገፍ ማሕላ ወይ ውዕል ዘጠቓልል እዩ። ንሳቶም እቲ ሰብ ውሱናት ፕሮግራማት ተጠቒሙ ኣሎ ድዩ የለን እውን ኣብ ግምት የእትዉ።

እቲ ሓድሽ ናይ Department of Homeland Security’s (DHS, ክፍሊ ጸጥታ ሃገር) መንግስታዊ ደገፍ ነዚ ዝስዕብ ኣብ ግምት የእቱ፥

- Supplemental Nutrition Assistance Program (ፕሮግራም ሓገዝ መመላእታ ምግቢ) (SNAP, “EBT” ወይ “ቅብሊታት ምግቢ”)
- ፈደራላዊ ህዝባዊ መንበሪ ገዛ ከምኡ ድማ ናይ ክፍሊ 8 ሓገዝ (Section 8)
- Medicaid (ብጀካ ናይ ህጹጽ እዋን ኣገልግሎታት፡ ትሕቲ 21 ዝዕድሚኦም ቆልዑ፡ ጥኑሳት ደቀንስትዮ፡ ከምኡ ድማ ሓደስቲ ኣዴታት)
- ፕሮግራማት ናይ ገንዘብ ሓገዝ (ከም SSI, TANF, ሓፈሻዊ ሓገዝ)

መብዛሕትኦም በዚ ሓድሽ ሕጊ ዝቕየዱ ሰባት ነቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሓገዛት ናይ ምርካብ ብቑዕነት የብሎምን። ኣብ ላዕሊ ዘይተዘርዘሩ ኣገልግሎታት ኣብቲ ናይ መንግስታዊ ደገፍ መርመራ ኣይክቕጸሩን እዮም ኣብ ውሽጢ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንዝውሃቡ ውሳነታት። እዚ ን WIC, CHIP, ናይ ቤት-ትምህርቲ ምሳሓት፡ ናይ ምግቢ ባንክታት፡ መጽለሊታት፡ ናይ ክፍለሃገር ወይ ከባብያዊ ፕሮግራማት ክንክን ጥዕና፡ ከምኡ’ውን ብዙሕ ካልእ ዘጠቓልል እዩ።

ተርጓሚ Seattle Office of Immigrant and Refugee Affairs፡ ካብቲ Protect Immigrant Families Coalition (ስምረት ናይ ምሕላው ስድተኛ ስድራቤታት) ዝተራዕመ።
ንዝያዳ ምንጭታት ናብዚ ዝስዕብ ኪድ፥ PROTECTINGIMMIGRANTFAMILIES.ORG

# መንግስታዊ ደገፍ፥ እዚ ንዓይ ይምልከተኒ ድዩ፧

ዝተሓደሰሉ ዕለት 2/2020።



**ንስኻን ኣባላት ስድራቤትካን ዜጋታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዲኹም፧** መንግስታዊ ደገፍ ንኣኻ ኣይምልከተካን እዩ። ብቑዕ ኣብ ዝኾንካሉም ፕሮግራማት ምምዝጋብ ክትቅጽል ኣለካ።






**ንስኻን ኣባላት ስድራቤትካን ድሮ ግሪን ካርድታት ኣለኩም ድዩ፧** መንግስታዊ ደገፍ ከምኡ'ውን ዝኾኑ ለውጥታት ኣብ ትሕቲ ሓደስቲ ሕግታት ግሪን ካርድኻ ኣብ ተሐድሰሉ እዋን ወይ ዜጋ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምኳን ኣብ ተመልክተሉ እዋን ኣይክጸልዉኻን እዮም። ይኹን እምበር፡ እንተድኣ ንልዕሊ 6 ኣዋርሕ ካብ ሃገር ንምውጻእ መደብ ኣለካ ኾይኑ፡ ምስ ናይ ኤሚግረሽን ጠበቓ ምዝርራብ ጽቡቕ እዩ።








**ንሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ደረጃታት መንበሪ ተመልክት ኣለኻ ዲኻ ወይ ድሮ ኣለካ ድዩ፧**
TPS(ቲፒስ), U(ዩ) ወይ T(ቲ) ቪዛ፡ ዕቑባ ወይ ናይ ስደተኛ ደረጃ መንበሪ፡ ወይ ናይ ፍሉይ ትሕቲ ዕድመ ስደተኛ ደረጃ መንበሪ፧ እቲ ናይ መንግስታዊ ደገፍ መርመራ ንኽሎም ስደተኛታት ዝምልከት ኣይኮነን፡ ኣብዚ ተዘርዚሮም ንዘለዉ ምደባታት ዘጠቓልለ። እንተድኣ ድሮ ሓደ ካብዞም ናይ ኤሚግረሽን ደረጃታት እዚኦም ኣለካ ኾይኑ ወይ ከኣ ሓደ ካብኦም ንምርካብ ኣብ መስርሕ ምምልካት እንተሊኻ፡ ንዝኾኑ ንስኻ ብቑዕ ዝኾንካሎም ናይ መንግስቲ ፕሮግራማት ምጥቃም ክትቅጽል ትኽእል ኢኻ።






**ስድራቤትካ ግሪን ካርድ ወይ ቪዛ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንምርካብ ከመልክት መደብ ኣለዎ ድዩ፧ ስድራቤትካ ንግሪን ካርድ ወይ ቪዛ ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ወጻኢ ንምምልካት መደብ ኣለዎ'ዶ፧**
ኣብቲ ናይ መንግስታዊ ደገፍ መርመራ እቲ ተጠቃምነት ናይቶም ኣብ ቀዳማይ ገጽ ዝተዘርዘሩ መንግስታዊ ፕሮግራማት ጥራይ እዮም ኣብ ግምት ክኣትዉ። ናትካ ኣታዊ፡ ዕድመ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ክእለታት፡ ኲነታት ስድራቤትን፡ ናይ መዋሊ ማሕላ ናይ ደገፍን እውን ኣብ ግምት ክኣትዉ እዮም። ቅድሚ ዝኾኑ ውሳነታት ምውሳንካ ምኽሪ ብዛዕባ ጉዳይካ ንምርካብ ምስ ክኢላ ክትዘራረብ ኣለካ። ንናይ ናጻ ወይ ትሑት ክፍሊት ኣማራጺታት ኣብ ከባቢኻ፡ ናብዚ ዝስዕብ ኪድ፥
immigrationadvocates.org/nonprofit/legaldirectory።



ተርጓሚ Seattle Office of Immigrant and Refugee Affairs፡ ካብቲ Protect Immigrant Families Coalition (ስምረት ናይ ምሕላው ስድተኛ ስድራቤታት) ዝተራዕመ።
ንዝያዳ ምንጭታት ናብዚ ዝስዕብ ኪድ፥ PROTECTINGIMMIGRANTFAMILIES.ORG